## ጸረ ሽቃሎ እንታይ ይብሉ?

እንታይ'ዮም ዝብሉ ዘለዉ ጸረ ሽቃሎ፡
ሕጹራት ኣብ ናይ ባዕዲ ካንሸሎ፡
ስቕ ኢሎም ይስሓኑ ሓዊ ናይ ፈርነሎ፡
ዳነግኦም ከምዘንጊ ክሳብ ዝሉሎ።

ስም ጅኻና እናኣጸለሙ ናብርኦም ዝእልሹ፡
ዘይረሃጽሉ ገንዘብ ገሮም ዝሕሽሹ፡
መሳርሒ ንዱያት ናይቶም ዝጠፈሹ፡
ከም ቆልዓ በጆኻ እንድዮም ዝቕሽሹ።

ኢትዮጵያ ዓባይ ሃገር ጌሮማ መናገሻ፡
ጸለመ ክጸልሙ ነቲ ጠሓሒሻ፡
ሃገር ዝሃንጽ ዘሎ በፍራዛ ሞዶሻ፡
ኩሉ ፈሊጡኩም'ዩ ሎሚ የለን ዓሻ።

ኣዲስ ከድኩም ኛው ኛው ከም ደማሙ፡
ካብ ጥቕሙ ዝበዝሕ ሕማሙ፡
ንዝሰምዖ  ፍጡር ኩሉ ኣስደሚሙ፡
ካብ ቀዳማዩስ ይገድድ ምድጋሙ።

ዕድመ ዝደፍኤ ዓቢ ሽማግለ፡
ካብ ሃገሩን ህዝቡን ዝገለለ፡
ኢትዮጵያ ሰላም ኣላ ኢሉ ካብ መሓለ፡
ጥዕና ዘይቡሉ እዩ ተጸለለ።

ቁምነገር ተሓሲቡ ምስ ጸየቕቲ ምኽሪ፡
መትሓዚ ዘይብሉ ነገር መሳወሪ፡
መናፍሕ ይነፍሕ ናይ ሓሶት ሃውሪ፡
ኣበይ ከይገድፎ መርገም እዛ ሓላል ምድሪ።

ሰላም ዝብሉ  ምስ ህውከት ዝመኺሩ፡
ኣብ ሑቅፊ ጃንዳ ዝበሃሉ እሩሩ፡

ከም ተባዕታይ ደርሆ መሬት ዝጽሕቱሩ፡
ኤርትራ ከምዚኦም ኣይድሉዩዋን'ዮም ንሓዋሩ።

  ይመስሉ ሓደ ካምቻ ዝለበሱ፡
  ብውሽጦም ብድሕረት ዝተለዋወሱ፡
  ታሪኽ ቃልሶም ባዕሎም ዝደምሰሱ፡
  መሳርሒ ህወሓት ኮይኖም እዞም ዝጠፈሹ።

ቃላቶም ፍኑው ዘይብሉ ሉጓም፡
ኩላቶም ዓያሹ ሲኢኖም ለባም፡
ዓዲ ገዲፎም ዝሓድሩ ግዳም፡
መድሓኒት ዘይብሎም ዝፍውስ ሕማም።

  ሰላም ነጺጎም ንሰላም ኢና ዝብሉ፡
  ደብሪ ዘይብሉ እምባ ዝምህለሉ፡
  ሓሶት ሓቂ ከምስሉ ዘታልሉ፡
  ማጮሎት የውርደሎም ጌታ ባዕሉ።

ዊዲት ክሱራት ስድሪ ኣይኪይድን።
ስምረት ሓፋሽ ዘፍርሶ ሓይሊ የለን።
ሞሳ ነቲ ሃገር እናተኸላኸል ዝሃንጽ ዘሎ ሰራዊት።
ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር።